ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية -حيدرى

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI**

# እቲ ሰላማዊ ሰልፊ መርኣያ ምንቕናቕ ስርዓት ህግደፍ'ዩ።

ኣብቲ ብሰንኪ ማእሰርቲ ክቡር ኣቦና ሓጂ ሙሳ መሓመድኑርን ካልኦት ዚጋታትን ዝጀመረ ህዝባዊ ናዕቢ ትማሊ ኣብ ከተማ ኣስመራ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተቐማጦ ናይቲ ከተማ ናብ ጎደናታት ወጺኦም ንስርዓት ህግደፍ ብጽንዓት ከምዝተቓወሙዎ መላእ ዓለም ዝዛረበሉ ዘሎ ሓቂ ኢዩ።

እዚ ህዝባዊ ማዕበልዚ ዝኾነ ይኹን ስርዓት ክንዲ ዝጨቆነ ይጨቁን፡ ክንዲ ዝኣከበ ሓይሊ ይኣክብ ካብ ቅልጽም ሓፋሽ ከምልጥ ከምዘይክእል ዝሓበረ ዓቢ ተርእዮ ኢዩ። ስርዓት ህግደፍ ብጉልባብ ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ ጉዳያት ቤት ትምህርቲ ዲያእ ኣል እስላምያ ንምትእትታው ዝገበሮ ፈተነ ምፍሻሉ ክርኤ እንከሎ ህዝቢ ብሓድነት እንተድኣ ተላዒሉ ንባዕሉ ነቲ ጨፍላቒ ስርዓትውን ምሕዩ ካብ ምድርባይ ከኽልክሎ ዝኽእል ሓይሊ ከምዘየለ ዘመላኽት ዓቢ ብስራት ሙኳኑ ድማ ካብ ማንም ዝተኸወለ ኣይኮነን። እንሆ ከኣ እቲ ህዝባዊ ምልዕዓል ናብ ካልኦት ከተማታት ኤርትራ ይልሕም ኣሎ።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ ነዚ ህዝባዊ ግስጋሰ'ዚ ካብ ልቢ ከምዝድግፍ ይገልጽ። ከምኡውን እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ናዕቢ ክንዮቲ ምፍታሕ ሓጂ ሙሳን ብጾቶምን ዝኸይድ ነታ ኣብ ኣፍደገ ብርሰትን ምጽናትን እትርከብ ሃገርና ንሓንሳብን ንንሓዋሩን ናብ ዝገላግል ሰውራዊ ሃላሃልታ ንኽዓቢ ውድብና ዝከኣሎ ኹሉ ንምግባር ምስ ህዝቡ ተሰሊፉ ምህላዉ የረጋግጽ።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!
ዓወት ንሓፋሽ ብተግባር!!
መሰጋገሪ ማእከላዊ መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ
ሕዳር 1, 2017